ሓዳስ ኤርትራ

# መግለጺ ሚኒስትሪ ዜና

ቀዳም 5 መስከረም 2015

ኣብ'ዚ ዝሓለፈ ኣዋርሕ ኣብ ዞባና ዝተራእየ ምዕባለታት፡ ንኣሸቀልቲ ወያነ፡ ከቢድ ሻቕሎትን ጭንቀትን ፈጢሩሎም ኣሎ።
ንብዙሕ ዓመታት፡ ኣብ መንጎ ኤርትራን ጐረባብታን፡ ብፍሉይ ከኣ ምስ ንግስነት ስዑዲያ ኪምዕብል ዝግብኦ ዝነበረ ንቡር ሽርክነት፡ ናብ ምጥርጣርን ምትፍናንን ምእንቲ ከምርሕ፡ ወግሐ-ጸብሐ ሕሱር ሓሶታት እናፈሓስካን እናጋዋሕካን ዝተኻየደ ኣጣቓሲ ዘመተን ሳዕቤናቱን፡ ዘየስደመሞ ወገን የለን። ናይ "ዊኪ-ሊክስ" ወረቓቕቲ፡ "ጫፍ እምባ-በረድ" ጥራይ'ዩ ኪበሃል ይከኣል።
ኣዘዝቲ ወያነን፡ ወያነን፡ በቲ ብቐጻሊ ንምሕንካሩ ሒኹ ዝብሉሉ ዝነበሩ ሕሱር ምጥቓስ ዝተራእየ ዝሕታለ ዝምድና ኤርትራን ስዑዲያን፡ ከም ዓቢ "ዲፕሎማስያዊ" ጨበጠ፡ 'ባህታኦም' ኣይሓብኡን። "ሓሶትን ምጥቓስን ብንፋስ ሓቂ ከምዝበንን"፡ መዓልቱ ኣኺሉ፡ ሓቂ ተጋሂዱ፡ ሽርክነት ኤርትራን ስዑዲያን ናብ ንቡር ተመሊሱ፡ ዑደት ፕረዚደንት ከኣ፡ ሓድሽ ምዕራፍ ከፊቱ።

እዚ ኣወንታዊ ምዕባለታት፡ ንለኣኽቲ ወያነን፡ ወያነን፡ ካብ ጭንቀት ናብ ዕብድብድ ኣምሪሑሎም ኪበሃል ይከኣል። መግለጺታት ፈኸራ ወያነ ኣንጻር ኤርትራ ከሪሙ'ኳ እንተኾነ፡ ኣብ'ዚ ዝሓለፈ ሰሙናት፡ ንብዙሓት "ከሰናብድዎም" ዝደለዩ ወገናት፡ በቲ ሓደ ኢድ ጉልቡብ ምህዳድ፡ ካብኡ ሓሊፎም ከኣ፡ "ኲናት ክንከፍት ኢና፡ ናይ ኣመሪካ ሓምላይ-መብራህቲ ረኺብና'ሎና" ክብሉ፡ ኣይተቈጠቡን። ኣሸቀልቶም ብዝተፈላለየ መንገዲታት ከካይድዎ ዝኸረሙን ዝቕጽልዎ ዘለዉን ጽዑቕ ዲፕሎማስያዊ ዘመተ'ውን፡ ካብ ማንም ኣይተሰወረን።

ካልእ ኣብ ሰዓቱ ክንመጾ ኢና። ኣጣቕኣስካ ህውከት ምዝራእ ግን፡ ይኣክል!

ኣስመራ
04 መስከረም 201